# ኣንጻር እዚ ሓዲሽ ኢንፍሉዌንሳ ክትባት ግበር



## ንገዛእ ርእስኻ ተኸላኸል

ክትባት ብምውሳድካ ካብዚ ሓዲሽ ኢንፍሉዌንሳ A(H1N1) ንምሕማም ዘሎካ ተኽሎ ክተጉድል ኢኻ፡፡ እቶም መብዛሕትኦም ዝሓምሙ፡ ከም ናይ ተራ ኢንፍሉዌንሳ ምልክት ሕማም እዮም ዘርእዩ፡፡ ስለዚ ሕክምና ኣየድልየምን እዩ፡፡ ካልኦት ግን ብጽኑዕ ክሓሙን፡ በቲ ኢንፍሉዌሳ ወይ ሳዕቤን ናቱ ብዘበጋገሶ ሕማም፡ ክሞቱ ይኽእሉ እዮም፡፡ እምበእር ንስኻ ውን፡ እቲ በዚ ኢንፍሉዌንሳዚ ከጋጥመካ ዝኽእል ምሕማም፡ ጽኑዕ ወይ ቀሊል ክኸውን፡ ብርግጽ ክትፈልጦ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡



## ንኻልኦት ውን ተኸላኸለሎም

ዳርጋ ኩሉ ሰብ፡ ምስ ሓደ በዚ ሓዲሽ ዓይነት ኢንፍሉዌንሳ እዚ፡ ብጽኑዕ ክሓምም ዝኽእል ሰብ፡ ርክብ ዘሎና ሰባት ኢና፡ ክበሃል ይከኣል፡፡ ንብነት ምስ ጥኑሳት ወይ ኣዝማ ዘለዎም ሰባት ክኾኑ ይኽእሉ፡፡ ገለ ሰባት ውን፡ ክትባት ዘይወስዱ፡ ንብነት ከም ንኣሽቱ ሕጻናት ወይ ውን ናይ እንቃቑሖ ኣለርጂ ዘለዎም ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም፡፡ ስለዚ ንስኻ እንተ ተኸቲብካ ግን፡ ከምዚኣቶም ንዝመሰሉ ሰባት ንኽይለግቦም፡ ኣበርክቶ ትገብር ኣሎኻ ማለት እዩ፡፡



## እዚ ሕማም ከይለባዕ ተኸላኸል

ክትባት ምስ ትወስድ፡ ንርእስኻን ንቐረባኻን ክትከላኸልን፡ ሕብረተሰብ ውን፡ ዋላካ ተላጋቢ ናይ ኢንፍሉዌስና ሕማም ሰፊሑ ይሃሉ እምበር፡ ከም ቀደሙ ብግቡእ ከም ዝሰርሕ ትገብር ኣሎኻ ማለት እዩ፡፡ እዚ A(H1N1) ዝተባህለ ኢንፍሉዌንሳ እዚ፡ ካብቲ ካልእ ዓይነት እንፍሉዌሳታት ኣዝዩ ብዝልዓለ ተላጋቢን፡ ሰብ ብቐሊሉ ክሕዞ ዚኽእልን እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ሓደ ውሱን ግዜ ጥራይ፡ ብዙሓት ሰባት በዚ ሕማም እዚ ክትቅዑ ይኽእሉ እዮም ማለት እዩ፡፡

**ክትባት ኣብ ማእከል ጥቕምቲ ኣቢሉ ክጅመር እዩ፡፡ ብዛዕባ እዚ ኣብ www.krisinformation.se ወይ www.1177.se. ዝሰፍሐ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡፡ ናብ 1177 ወይ 020-20 20 00 ውን ክትድውል ትኽእል ኢኻ፡፡**

---

### ሕዱር ሕማማት ምስ ዝህልወካ

ሕዱር ሕማም ሃልዩካ ምስ ሓኪም ብቕጻሊ ርክብ ዘሎካ ሰብ ምስ ትኸውን፡ ንስኻ ብዝበለጸ ክትክተብ ከድልየካ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ድማ፡ ንስኻ በዚ ኢንፍሉዌንሳ እዚ ወይ ሳዕቤን ናቱ ብዘበጋገሶ ሕማም፡ ካብ ካልኦት ብዝበለጸ ክትጥቃዕ ስለ እትኽእል እዩ፡፡

### ጥንሲ

ጥንስቲ እንተ ኾንኪ ውን፡ ካብ ኩሉ ብዝበለጸ ክትባት ክትወስዲ ይግብኣኪ እዩ፡፡ ኣብ ግዜ ጥንስኺ፡ እቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕምኺ ጎዲሎ ስለ ዘሎ፡ በዚ ኢንፍ ሉዌንሳ እዚ ንኽትጥቅዒ ዘሎ ኣጋጣሚ ወይ ሓደጋ፡ ኣዝዩ ዝበዝሐ እዩ፡፡ ጥንስቲ ካብ ኩሉ ሰብ ብፍላይ፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ጥንሳ ዘሎ 3 ወርሒ ግዜ፡ ብዝበለጸ ብጽኑዕ ክትሓምም ትኽእል እያ፡፡ ምኽንያቱ ድማ ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ናይ ሳምቡኣ ዓቕሚ ጎዲሉ ስለ ዘሎ እዩ፡፡

### ድኹም ዓቕሚ ምክልኻል ሕማም

ክትባት ድኹም ዓቕሚ ምክልኻል ሕማም ንዘለዎም ውን፡ ክወሃብ ይኽእል እዩ፡ ምኽንያቱ ትሕዝቶ ክትባት ህይወት ዘለዎም ቫይረስ ስለ ዘይብሉ፡፡

### ምጥባው

ዋላ ተጥብዊ ውን እንተኾንኪ፡ ክትክተቢ ትኽእሊ ኢኺ፡፡

### ኣለርጂ

ትሕዝቶ ናይዚ ክትባትዚ፡ ናይ እንቃቑሖ ፕሮቲን ኣለዎ፡፡ ስለዚ እንቃቑሖ ዘይሰማምዓካ ምስ ዝኸውን፡ ቅድሚ ምኽታ ብካ፡ ምስ ሓኪምካ እንታይ ክትገብር ከምዘሎካ ተማኸር፡፡ ብርቱዕ ሳዕቤን ዘጋጥመሉ ግዜ፡ ኣዝዩ ሳሕቲ እዩ፡፡ ካልእ ግዜ ናይ ኢንፍሉዌንሳ ክትባት ክትወስድ ከሎኻ ወይ ውን ካልእ ዝኾነ ዓይነት ክትባት ምስ ወሰድካ፡ ገለ ጠንቅታት ኣምጺኡልካ እንተ ድኣ ኔሩ ግን፡ ቅድሚ ምኽታብካ፡ ምስ ሓኪምካ ግድን ክትማኸር የድልየካ እዩ፡፡

### ሳዕበናት ክትባት

ድሕሪ ክትባት፡ ኣብቲ ዝተኸተብካሉ ቦታ፡ ምቕያሕ፡ ምሕባጥ፡ ኣብታ ስተወጋእካላ ቦታ ድማ ቃንዛ ይገብር እዩ፡፡ ከም ረስኒ፡ ሕማም-ርእሲ፡ ዕግርግር-ምባል፡ ዝኣመሰለ ሳዕቤን ውን ክገብረልካ ይኽእል እዩ፡፡ ከም ናይ ተራ ኢንፍሉዌንሳ ስምዒት ውን ይገብረካ እዩ፡፡ እቲ ዚስምዓካ ስምዒት፡ እዚ ጥራይ እንተ ድኣ ኾይኑ፡ ምስ ቤትሕክምና ርክብ ምግባር ኣየድልየካን እዩ፡፡ ብቕጻሊ ንብዙሕ መዓልታት ከምኡ እንተተስሚዑካ ግን፡ ርክብ ግበር፡፡ እቲ ስምዒት ናይዚ ሳዕቤን እዚ፡ ካብቲ ንልሙድ ኢንፍሉዌንሳ እትወስዶ ክትባት ዚገብረልካ ስምዒት ዚፍለ ኣይኮነን፡፡

### ቆልዑ

**0 - 6** ወርሒ ዝዕድሚኦም፡ ዝኾነ ክትባት ክግበሮልም ኣይምከርን እዩ፡፡
**6** ወርሒ **- 3** ዓመት፡ ነቶም ብብርቱዕ ክጥቅዑ እዮም ዝበሃሉ ተጠርጠርቲ ቖልዑ፡ ፍርቂ ዓቐን ክትባት ክትህቦም እዩ ዝምከር፡፡
**3 - 12** ዓመት፡ ንኹሎም ቆልዑ ብዘይ ኣፈላላይ፡ ፍርቂ ዓቐን ክትባት ክወሃቦም ይምከር፡፡
**13 - 17** ዓመት፡ ንኹሎም ቆልዑ ብዘይ ኣፈላላይ፡ ምሉእ ዓቐን ክትባት ክወሃቦም ይምከር፡፡

ብዛዕባ እቲ ንቖልዑ ዝግበር ክትባት ዚወሃብ ምኽሪ፡ ጸኒሑ ክቕየር ይኽእል እዩ፡፡ እዋናዊ ንዝኾነ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ዚስዕብ እናኣቶኻ ተኸታተል፡፡ www.lakemedelsverket.se

### መን እዮም ክትባት ክወስዱ ዘይብሎም?

እቶም እቲ ኣብ ክትባት ዘሎ ትሕዝቶ፡ ከቢድ ዝኾነ ኣለርጂ ዚገብረሎም ሰባት፡ ቅድሚ ምኽታቦም ምስ ሓኪሞም ክማኸሩ ይግባእ፡፡

---

Form: Jupiter Reklam, 2009.

SMITTSKYDDSINSTITUTET
Swedish Institute for Infectious Disease Control

LÄKEMEDELSVERKET
MEDICAL PRODUCTS AGENCY

1177
Råd om vård på webb och telefon

Socialstyrelsen